
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.216 ሰንበት 10 ግንቦት 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ውጽኢት እወታዊ ኣተሓሳስባ


ገጽ 4 'መን እዮ ከማኻ.......'





ገጽ 5 ሓካይምን ተሓከምትን ሰውራ





ገጽ 7 ካብ በደላ ናብ ውሑስን ዘይውሑስን ገንዘብ




## ከረን - ምርኢት መጽሓፍትን ምህዞን ሰንዓን ቀሪቡ



ምህዞን ሰንዓን፡ ፈጠራዊ ሓሳባት ብምምንጫው ንምዕባለ ዝድርኽ ከምዝኾነ፡ ብ8 ግንቦት ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ምርኢት መጽሓፍትን ምህዞን ሰንዓን ተገሊጹ።

ዕላማ ናይ'ዚ "ፍልጠት፡ መሰረት መሃዝትን ምዕባለን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝቐረበ ዘሎ ቅዱ ጥመር ፈጠራዊ ተሳትፎ መንእሰያት ከም ኣካል ሃገራዊ ቀዳምነታት ወሲዱ ንምስራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሕብረተሰብ ፍታሕ ዘምጽኡ ተበግሶታት ንምትብባዕ ምዃኑ፡ ኣቦመንበር ቦርድ ምህዞን ሰንዓን ዞባ ዓንሰባ መሃንደስ ኣሮን ምሕረትኣብ ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ ክሳብ 10 ግንቦት ዝቕጽል መደብ፡ ስርሓት ሓዲሽን ዕጹይትን ጥዑ-ጋዜ፡ ሶፍትዌር፡ ተሓዲሲ ጸዓት፡ ፍርያት መግቢን ካልእን ዘጠቓልል 65 ምህዞታት ቀሪቡ'ሎ።

ኣባል ቦርድ ምህዞን ሰንዓን መንእሰይ ፊሊሞን ኣፈወርቂ ብወገኑ፡ ናይ ምምሃዘን ምስናዕን ዓቕሚ ተመሃሮ ንምኽዕባትን ንምትብባዕን ዝሕግዘ ኣስተምህሮታት፡ ኣካል ናይ'ቲ ቅዱ ከምዝኾኑ ብምግላጽ፡ ተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣካላት ከየንዘዘ ተላቢዩ።

ተዓዘብቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዓይነት ምርኢት ቀጻሊ ቀንኢ ስለዘሕድር፡ ቀጻልነቱ ክውሓስ ተማሕጺኖም።

ተመሳሳሊ ምርኢት መጽሓፍትን ምህዞን ሰንዓን ኣብ ንኡስ ዞባታት ዓንሰባ ክቐርብ ምቕናዩ ኣይርሳዕን።

## ኣቑርደት - ብመንግስቲ ዝተመደባ ትራክተራት ኣገልግሎት ነቕሊ ይህባ



ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ብመንግስቲ ዝተመደባ ትራክተራት፡ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ነቕሊ ይህባ ኣለዋ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ከሱተ ጉብረየውሃንስ፡ ሎሚ ዓመት ክራማት ክሕረስ ካብ ዝተወጠነ ኣስታት 6,200 ሄክታር፡ እቲ 1,500 ሄክታር ክንቀል ዝተታሕዘ መደብ፡ ብጽቡቕ ይትግበር ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣባል ኮርፖሬሽን ዘራእትን ጥሪትን ጠርናፊ ናይ'ታ ኣብ'ቲ ስራሕ ተዋፊራ ዘላ ጉጅለን መንእሰይ ዓብለል ጉብረሚካኤል ብወገኑ፡ እቲ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት ነቕሊ፡ ኣካል ናይ'ቲ እቶትን እቶታውነትን ንምኽዕባት ዝቐየድ ዘሎ ወሁድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ክኢላ ልምዓት ዘራእቲ መንእሰይ ሙሉጌታ ጉብረትንሳኤ ድማ፡ ነቕሊ ንዝሕረስ መሬት ኣለስሊሱ ማይ ብግቡእ ክሕዝ ካብ ዝዘውትር ሜላታት መኻዕበቲ ሕርሻዊ እቶት ብምዃኑ፡ ኩሎም ሓረስቶት ብዘለዎም ንዋት ክሰኣብዎ ኣዘኻኺሩ።

## ዓዲ ኳላ - ን187 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ተኻዪዱ



ኣብ ሆስፒታል ዓዲ-ኳላ ብመልክዕ ወፍሪ ብዝተኻየደ መደብ፡ ን187 ናይ ምርኣይ ጸገም ዝነበሮም ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ንልዕሊ ሓደ ሰሙን ዝቐጸለ ወፍሪ፡ መርመራታት ካብ እተኻየደሎም ኣስታት 2,500 ዜጋታት፡ እቶም 187 መጥባሕቲ ከምእተገብረሎም ዝሓበረ ግዝያዊ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዶ/ር ዓወት ተስፋይ፡ ዜጋታት ኣዒንቶም ብግቡእ ክከናኸኑ፣ ዝኾነ ጸገም ምስ ዘስተብህሉ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ትካል ጥዕና ክመጹ መኺሩ።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል ክኢላ ሕክምና ዓይኒ መንእሰይ ካሕሳይ ተመስገን ድማ፡ እቲ ወፍሪ ኣካል ናይ'ቲ ዑረት ንምክልኻል ብደረጃ ሃገር ዝቐየድ ዘሎ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ዜጋታት ንዝተዋህቦም መድሃኒት ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተማሕጺኑ።

መጥባሕቲ ዝተገብረሎም ወገናት ኣብ ዝሓበርዎ ርእይቶ፡ እቲ ወፍሪ ኣብ ማእከል ንኡስ ዞባኦም ብምክያዱ ካብ ብዙሕ ሃልኪ ከምዝደሓኑ ብምሕባር፡ ንዝረኸብዎ ኩልንትናዊ ሕክምና ናብዮት ኣመስጊኖም።

## ተሰነይ -ልዑል ነጥቢ ንዘምጽኡ ተመሃሮ፡ ሽልማት 'ታምፌዳ' ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮ፡ ሽልማት 'ታምፌዳ' ተዓዲሉ።

ንሽልማት ዝበቕዑ፡ 15 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 35 ተመሃሮ ምዃኖም ዝሓበረ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መለስ ጉብራይ፡ 100 ሚእታዊት ዘምጽኣት ተመሃሪት ሳምራዊት መብራህቱ ብፍሉይ ከምእተሸለመት ገሊጹ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ኣደም በሽር ብወገኑ፡ ምሽላም ብሉጻት ተመሃሮ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ዘለዎ ተራ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ተረኺቡ ዘሎ ውጽኢት፡ ፍረ ጻዕሪ ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ስለዝኾነ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ክሐይል ተላብዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ሓላፊ ኣሃዱ ትራፊክ ኣቶ ረዳኢ መንግስ፡ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዘተኮረ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ንዝቐሰሙ ተመሃሮ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ተመሃሮ ብዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ድሕነት ትራፊክ ልዑል ኣበርክቶ ክምዝገብሩ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ጉብረእየሱስ ብወገኑ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ካብ'ቲ ዘለዎ ክዓቢ ምእንቲ ተራ ሕብረተሰብ ከየንዘዘ ኣዘኻኺሩ።

ዜና

# ቅነ ባህልን ስፖርትን ተመሃሮ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ተዛዚሙ

"ፍልጠት፡ ቀላሲ ምዕባለ ባህሊ" ብዝብል ቴማ፡ ብዘሳትፎ ኩሎም ንኡሳን ዞባታት ኣብ ባጽዕ ክካየድ ዝቐነየ ቅነ ባህልን ስፖርትን ተመሃሮ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብውዕወዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

እቲ ካብ 2 ክሳብ 6 ግንቦት ዝቐጸለ ቅነ፡ ሓያል ናይ ውድድር መንፈስ ዝተንጸባረቐ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ትሕዝቶታት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መማህር ረሺድ መሓመድዑስማን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ቅነ ኣብ ቅንያት ጽንብል ናጽነት ምኻዱ ንርዝነቱ ርዝነት ዝወሰኸ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነቲ ብደረጃ ዞባ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ መደባት ንምትብባዕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።



ዋና ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል ደሙ፡ ተመኪሲ መደባት ሰራሕ ተወዳደርት ተመሃሮ ኣብ ኣካዓሚ፡ ባህልን ስፖርትን



ንምዕባይ ክሰርሕ ብምዝኻር፡ ምምሕዳር ዞባ እጃሙ ከበርክት ድልው ምኻኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ውልቀ-ተመሃሮን ትካላትን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

# ሃይኮታ - ንኣገዳስነት ካዳስተራዊ ምዝገባ ዝምልከት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣኮቡባን ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዘወደቦ፡ ንኣገዳስነት ካዳስተራዊ ምዝገባን ድሕነት ኣከቡባን ዝምልከት ኣስተምህሮ፡ ብ5 ግንቦት ንወከልቲ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ተዋሂቡ።

ካዳስተራዊ ምዝገባ ሕጋዊ ሰነዳት ዝዋግልኡ ህንጻታት፡ መሬት ሕርሻ፡ መጎዞጎዚ ናይ ዕደና ቦታታት፡ ሰራሕቲ ቦታታትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ዝሕብር ምዝገባ ኩይኑ፡ እዚ ኣብ ሃገርና ልዕሊ ሓደ ዘመን ዘቑጸረ ታሪኽ ዘለዎ መሳርሒ ማዕረ ዕድሚኡ ክሰርሓሉ ከምዝጸንሐ ዝጠቐሰ ሓላፊ ጨንፈር ካዳስተር ኣቶ ሰመረ ሰኢሉ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ምዝገባ ቁጽሪ 95/1995 ግድነታዊ ስለዝኾነ፡ መረዳእታ ሕብረተሰብ ኣብ ኣገዳስነት ምዝገባ ቀዋሚ ንብረት ንምዕባይ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ግቡእ ማሳርሒ ዝተኸተለን ሕጋውነት ዘለበሰን ምዝገባ፡ ኣብ ልዕሊ መሬት ናይ ዝተሃንጸን ዝርከቡን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዋንነት ዘረጋግጽን ተጠቃምነት



ዘውሕስን ምኻኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ሰመረ፡ ካዳስተራዊ ምዝገባ ኣብ ምርግጋጽ መሰላትን ግቡኣትን ወነንቲ፣ ምሕደራ ባህርያዊ ሃብቲ፣ ከምኡ'ውን ምትላምን ምትግባርን ልምዓታዊ መደባትን ፖሊሲታትን ዕዙዝ ተራ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ኣብ ተጠቃምነትን ሕቶ ዋንነትን መሰረት ብምግባር ንዝለዓሉ ግርጭታት ንምፍታሕ'ውን ስለዝሕግዝ፡ ንትግባረኡ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ክዋስኡ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኣቶ ሃብቶም ገብረእግዚኣብሄር ብወገኑ፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ብዘይ ውሑስ ኣገባብ ዝውገዱን ፈቓዶ ዝድርበዩን ደረቕን ፈሳስን ጓሓፋት፡ ኣከባቢ ብምብካል ኣብ ጥዕና ሰብን እንስሳታትን ከቢድ ሃሰያ ከውርዱ ስለዝኽእሉ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣወጋግዳ ጓሓፍ ምዕባይ መሰረታዊ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ተጠቃምነት ፈኲታል መለኡ ስለዘይተወገደ፡ ልዑል ቁላሕታ ክግበረሉ ኣዘኻኺሩ።



ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ረብሓን ኣገዳስነትን ካዳስተራዊ ምዝገባ ዝጸንሖም ኣፍልጦ ድሩት ብምንባሩ፡ ዘውንንዎ ቀዋሚ ንብረት ይኹን ናይ ሕርሻ መሬት ከመዝገቡ ከምዘይጸንሑ፣ ሰኣን እኹል ንቕሓት ድማ ኣብ ኣከባቢ ኣሉታዊ ጽልዋ ክፈጥሩ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮኣዊ መደብ ክቕጽል ተላቢዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኹዲን ሳልሕ፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ድሕነት ኣከቡባን ካዳስተራዊ ምዝገባን ክትግበሩ ዘለዎም ሱ-ፍልጠታውን ሕጋውን ንጥፈታት ዘጸር ብምኻኑ፡ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ተላብዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ 1284


# ሓመልማሎ - ናይ ፈለማ ምርኢት መጽሓፍቲ ተኣንጊዱ

ብሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ ምርኢት መጽሓፍቲ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ንፈለማ እዋን ብ6ን 7ን ግንቦት ተኣንጊዱ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ጀማል ወልዲት ኣብ ዝሎ መብርሂ፡ ንኣገዳስነት'ቲ መደብ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ፡ መማህራንን ነበርትን ከምዝሳተፍዎ ንምግባር ዝተኻየደ ንስንሳት ወጻኢታዊ ከምዝነበረ ገሊጹ።

መጽሓፍቲ ንምልላይን ንምሻጥን ዝውደብ ቅነ ባህሊ ንባብ ንምኹስኳስ ከምኡ'ውን ንጸሓፍቲ ንምትብባዕ ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ዓመት መጸ ንምቕጻሉ ብኣተኩሮ ከምዝሰርሕ ድማ ኣብሪሁ።

እቲ ንምርኢትን መሸጣን ዝቐረበ መጽሓፍቲ፡ ታሪኽ ሓዚሉ፡ ኣካዳሚያዊ፡ ፍልስፍና፡ ልቢ-ወለድን ካልእን ዘጠቓልል'ዩ ነይሩ።

መማህራን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ባህሊ ንባብ ንምስሳን ልዑል ተራ ዘለዎ ቅነ መጽሓፍቲ ኣብ ንኡስ ዞባኦም ምኽያዱ ዝተሰመዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ቀጻልነቱ ዘውሓስሉ ባይታ ክጣጣሕ ተማሕጺኖም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ "ፍልጠት መሰረት መጻኢት ምዕባለን" ብዝብል ቴማ ዝካየድ ዘሎ 6ይ ቅነ መጽሓፍትን 3ይ ቅነ ምህዞን ሰንሳ ካብ 30 ሚያዝያ ክሳብ 10 ግንቦት በብንኡስ ዞባኡ ክቕጽል ምኻኑ፡ ካብ ኣወሃሃዲቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።



# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ውጽኢት እወታዊ ኣተሓሳስባ

ሓደ እዋን ኩሉ ግዜ ንክብረት ብእወታዊ ዓይኒ ጥራይ ዝርእየም ጄሪ ዝተባህለ መንእሰይ ነበረ። ካብቲ እወታዊ ኣተሓሳስባኡ ዝተላዕለ ድማ ዘረባኡ ጸቡቕ ነበረ፡ ዝኾነ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ወይ ስምዒት ኣይነበሮን። ኣብቲ ከም ማናጀር ኮይኑ ዝሰርሓሉ ሆቴል ድማ ኣዝዩ ፍቱው ነበረ። ካብ ሓደ ሆቴል ናብ ካልእ ሆቴል ምስ ዝቕይር ከኣ እቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ኣሳሰይቲ ምስኡ ይግዕዙ ነይሮም። ናይዚ ምኽንያት ክገልጹ ከለዉ ድማ ብሰንኪ እወታዊ ኣተሓሳስባኡ ካብ ጥቓኡ ክርሕቁ ከም ዘይደልዩ ይገልጹ ነይሮም። ንኹሎም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ሰባት ከይተረፈ ጸቡቕ ዝኾነ ኣጠማምታ ከም ዝህልዎም ይገብር ነበረ። ዝኾነ ዘጋጠሞም ሕማቕ ነገር ምስ ዝዕልልዎ'ውን ናብ እወታዊ ሸነኽ ናይቲ ጉዳይ ከም ዝጥምቱ ይገብሮም ነበረ። ኣነ እዚ ኣተሓሳስባ ናይ ጄሪ ስለዘገረመኒ፡ "ኩሉ ግዜ ብእወታን ጸቡቕ ስምዒትን ዝተመልአ ሰብ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ከመይ ኢልካ እሞ ሓንቲ መዓልቲ ከይሓዘንካ ወይ ከይሓረቕካ ክትውዕል ትኽእል" በልክዎ።

ጄሪ ፍሽኽ እናበለ፡ "ኩሉ ግዜ ንግሆ ተንሲአ ንነብሰይ ከምዚ'የ ዝብላ፡ 'ጄሪ ሎሚ ክልተ ምርጫታት ኣለኻ፡ ኣብ ጸቡቕ ስምዒት ወይ ኣብ ሕማቕ ስምዒት ክትውዕል'። ነብሰይ ድማ ከምዚ ኢላ ትምልሰለይ፡ 'ወላ ዝኾነ ሕማቕ ነገር የጋጥም ኣብ ጸቡቕ ስምዒትን ሕጉስትን ክኸውን እየ ዝደሊ' ትብለኒ። ስለዚ ዋላ ዝኾነ ሕማቕ የጋጥመኒ፡ ካብኡ ተማሂረ ሕጉሰን እወታዊን ጥራይ ክኸውን እየ ዝመርጽ። ህይወት ብምርጫታት ዝተመልአት እያ። ንክብረት ብኸመይ ትብድሆም ትመርጽ ባዕልኻ ኢኻ፡ ሰባት ንስምዒትካ ከመይ ይጸልውዎም ትመርጽ ባዕልኻ ኢኻ፡ ኮታስ ንህይወትካ ብኸመይ ትኹብራ ትመርጽ ባዕልኻ ኢኻ፡" ኢሉ መለሰለይ።

ዘረባን ኣተሓሳስባን ጄሪ ኣዝዩ ተንከፈኒ፡ ካብኡ'ውን ብዙሕ ነገር ተመሃርኩ። ብሰንኪ ኩነታት ስራሕ ምስ ጄሪ ተጣፋእና፡ ገጽ ንገጽ ካብ ዘይንራኣኣ'ውን ብዙሕ ግዜያት ሓለፈ። ኣነ ግና ብዛዕባኡ ካብ ምሕሳብ ኣየቋረጽኩን። ኩሉ ግዜ ድማ ይዝክሮ ነይረ።

ድሕሪ ገለ ዓመታት ብዛዕባ ጄሪ ሓደ ነገር ሰማዕኩ፡ ሓደ ንግሆ ናይቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ሆቴል ናይ ድሕሪት ማዕጾ ብምኽፋቱ፡ ሰለስተ ሸፋቱ ገዚኦም ብረት ንምዝማት ናብኡ ኣተዉ። ምስ ረኣዩዎ ኣዝዩ ስለዝሰንበደ ሓገዝ ንምርካብ ዓው ኢሉ ጨደረ። ከተርቲ ድማ ተተኮሰሉ። ዕድል ገይሩ ግና ብቕልጡፍ ናብ ሆስፒታል ስለዝተወሰደ ክድሕን ከኣለ። ድሕሪ ናይ 18 ሰዓታት መጥባሕትን ናይ ሰሙናት ጽዑቕ ክንክንን ኩነታት ጥዕናኡ ስለዝተመሓየሸ ካብ ሆስፒታል ወጸ።

ኣነ ድማ ንጄሪ ድሕሪ'ቲ ዘጋጠሞ ሓደጋ ድሕሪ 6 ወርሒ ረኺበዮ። እቲ ኩነታት ከመይ ከም ዝነበረን እንታይ ከም ዝተሰምዖን ሓተትክዎ። ጄሪ "ኣብ መሬት በጥ ምስ ኣበልኩ፡ ንነብሰይ ክልተ ምርጫ ከምዘለዋ ነገርክዋ፡ ንኽነብር ወይ ንኽመውት ክመርጽ ከምዝኽእል፡ ኣነ ድማ ንኽነብር መረጽ" በለኒ።

"ኣይፈራሕካን፧ ስምዒትካ ከ ትቆጻጸር ነይርካ፧" ኢለ ሓተትክዎ።


"ሆስፒታል ምስ ኣተኹ፡ እቲ ዝተገብረለይ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ጸቡቕ እዩ ነይሩ፡ እቶም ሕካይም ከም ዝሓዊ ይኣምኑ ነይሮም። ናብ ክፍሊ ጽዑቕ ክንክን ምስ ሰደዱኒ ግና ኣብ ገጽ ናይቶም ዶክተራትን ነርሳትን ዘርኣኽዎ ሕማቕ ስምዒት ኣዝዩ ኣፍርሓኒ። ኣብ ዓይኖም ዘንበብክዎ ነገር "እዚ ሰብ ሞቱ ኣይተርፎን እዩ" ዝብል እዩ ነይሩ። ሓንቲ ነርስ ናባይ ቀሪባ ኢላ ንዝኾነ ነገር ንኣለርጂ ዝጥቃዕ እንተኾይነ ሓተተትኒ፡ 'እወ' በልክዋ። እቶም ጠያይቲ ኣብ መላእ ኣካላተይ ስለዝዘዘርዉ ሳዕቤኑ ኣፍርሖም። "ኣነ ግና ኑቲ ዝገብሩለይ መጥባሕቲ ድሉው ምዃነይን ክነብር እምበር ክመዊት ከም ዘይመወት ሓሰቦም ክገብሩለይን ነገርክዎም። ከምቲ ዝበሎ ድማ ብህይወት ክሰርር ከኣለ።



## ካብ መዝገብ ክብረ ወሰን

• ፓውል ስሎሳር ካብ ደቡብ ካሮላይና ኮይኑ ኣብ ሕዳር 2022 'ዝነውሐ ጭሕሚ' ክውንን ብምኽኣሉ እዩ ኣብ መዝገብ ጊነስ ክሰፍር በቒዑ። ቁመት ጭሕሚ ስሎሳር 63.5 ሰንቲ ሜተር እዩ።

• ኣመሪካዊ ጋሪ ተርነር ብሰንኪ 'ኢህለርስ ዳንሎስ' ዝበሃል ሕማም፡ ቆርበቱ ተመጣጢ እዩ ክኸውን ክኢሉ። ተርነር ብሰንኪ እዚ ዘይንቡር ሕማም፡ ቆርበቱ ክሳብ 15.8 ሰንቲ ሜተር ክምጠጥ ብምኽኣሉ ኣብ 1999 ኣብ መዝገብ ጊነስ ክሰፍር ክኢሉ።



• ኢጣልያዊ ጊቫኒ ቫሳሎ ብዘይ ዕረፍቲ ንዊሕ ሰዓታት ንብዙሓት ሰባት ክውቅጥ ብምኽኣሉ እዩ ስሙ ኣብ ጊነስ ሰፊሩ። ንሱ ኣብ 2022 ን61 ሰዓታትን 31 ደቒቕን እዩ ዝተፈላለዩ ሰባት ወቒጡ። ቫሳሎ፡ ስሙ ኣብ መዝገብ ጊነስ ክሰፍር ድሕሪ ምንቃዱ ኣቐዲሙ ክውቅጦ ዝኽእሉ ሰባት ከምዝዳለወ ገሊጹ።

• ኣመሪካዊት ድያና ኣርምስትሮንግ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ዝነውሐ ጽፍሪ ዘለዋ እያ። ቁመት ጽፍሪ ኣርምስትሮንግ 1,306.58 ሰንቲ ሜተር እዩ ዝበጽሕ። ንሳ ካብ 1997 ኣትሒዛ ጽፍራ ከምዘይቀረጸቶ ገሊጻ። ሉንግ ኮንግ ሀዮን ድማ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝነውሐ ጽፍሪ ዘውንን እዩ። ቁመት ጽፍሩ ድማ 594.45 ሰንቲ ሜተር ይበጽሕ።

• ኣብ 2004 ኣብ ቱርኪ፡ ኢልከር ዩልማዝ ካብ ዓይኑ ጸባ ክጭንገዕ ብምኽኣሉ እዩ ኣብ መዝገብ ጊነስ ሰፊሩ። እዚ ኣገራሚ ተርእዮ፡ ኑቲ ጸባ ከመይ ገይሩ ካብ ኣፉ ናብ ዓይኑ ከሕልፎ ከም ዝኽኣለ'ኳ እንተዘይገለጸ፡ ኑቲ ጸባ ግና ን279.5 ሰንቲ ሜተር እዩ ክውንጭፎ ክኢሉ።



• ኣብ 2001 እስማዔል ፋልኮን፡ ብጭሕሙ ባቡር ክጉትት ብምኽኣሉ እዩ ኣገራሚ ዜና ሰሪሑ። ንሱ ኑታ ናብ ኣስታት ሰለስተ ኪሎ ግራም ዝቀራረብ ክብደት ዝነበራ ባቡር ብጭሕሙ ን10 ሜትሮ ክጉታ ብምኽኣሉ እዩ ስሙ ኣብ መዝገብ ጊነስ ክሰፍር በቒዑ።

## ብዛዕባ ሓጎስ ካብ ዝተባህለ . . .

• ብመሰረት ክኢላታት ስነ ልቦና፡ 10 ሚእታዊት ናይ ሓጎስካ ጥራይ እዩ ካብ ብደገ ዝመጽኡ ስምዒታት ዝመጽእ። እቲ ዝተረፈ 90 ሚእታዊት ግና ካብ ውሽጣዊ ሓሳባትካን ስምዒታትካን እዩ ዝበገስ።

• ኣብ 2005፡ ትካል ምርምር ሕማማትን ምክልኻልን ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ መንእሰያት ኣብ ወርሒ 3-4 መዓልታት ደስ ዘዩብል ስምዒት ይስምዖም ወይ ዘይሕጉሳት ይኾኑ። ኣብ ክሊ ዕድመ 65-74 ዝርከቡ ሸማግለታት ግና ኣብ ወርሒ 2-3 መዓልታት ጥራይ እዮም ደስ ዘዩብል ስምዒት ዝስምዖም።

• ኣብ መዓልቲ ብውሑዱ ን20 ደቓይቕ፡ ኣብ ሰሙን ድማ ሰለስተ ግዜ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ ሓጎስካ ክብ ከም ዝብል ይገብር።

• ኣዚኻ ሕጉስ ብዘይኮንካ፡ ኣካላትካ ድማ ዝያዳ ሕማም ዝከላኸሉ ታህዋስያን የፍሪ።

• ሕጉሳት ሰባት ዝያዳ እቶም ዘይሕጉሳት ኣፍረይቲ ይኾኑ።

• ብመሰረት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ክቢ 37 ዕድመኣን ዘይሕጉሳት ክኾና ከለዋ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ ክቢ ዕድመ 42 ዘይሕጉሳት ከምዝኾኑ ይግለጽ።

• ምስዕሳዕ ሓጎስ ይፈጥር።

• ኣብ ጸታዊ ዝምድና ዘለዉ ሰባት ዝያዳ እቶም ዘየለዉ ሕጉሳት ምዃኖም መጽናዕትታት ይሕብሩ።

• ትምህርትን ብልሒ እእምሮን ሕጉስ ንኽትከውን ዘኽእል ኣይኮነ፡ ልዕሊ ዝኾነ ሕጉስ ንኽትከውን ዝሕግዝ ኣብ ኑብሰኻ ዘሎካ ዕግበት እዩ።

• ንደቕኻ ዝያዳ ብዙሓቶም ክትፈትዎም፡ ዕድመ ብጽሕና ብዝበጽሑ ዝያዳ ሕጉሳት ይኾኑ።

• ኣብ ሓጎስ ሰባትን ጸቡቕ ስምዒትን እወታዊ ተራ ዘለዎም ነገራት፦ ምስዕዓም፡ ምስ ፈተውትኻ ግዜ ምሕላፍ፡ ቸኮላታን ባናናን ምብላዕ፡ ከምኡ'ውን ማእቲካ ምሕያኽ ምዃኖም መጽናዕትታት ይሕብሩ።

• ገለ ተመራመርቲ፡ ኣመጋግባ ኣብ ደረጃ ሓጎስ ጽልዋ ከም ዘለዎ ይገልጹ። ፋሉ፡ ደርሆ፡ ጸቡ ክትሃድእን ሕጉስ ንኽትከውንን ሓገዝቲ መግቢ ምዃኖም ይገልጹ።

• ብመሰረት ኣብ 2018 ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኒውዚላንድ ቀዳመይቲ ሕጉሳት ሰባት ዘለውዋ ሃገር ክትከውን ከላ፡ ካናዳን ዝርላንድስን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዘን ይርከባ።

## ከምዚ 'ውን ኣሎ

ኣብ 2003 ሳይማይቲ ዩሚንግ ዝተባህለ ቻይናዊ ኣብ ነዊሕ ባላ-እግሪ ደይቡ ንነዊሕ ኪሎ ሜተራት ብዘይ ጸገም ክጎዓዝ ዝኸኣለ እዩ። ንሱ ዝጎዓዘሉ ዝነበረ ጽርግያ ብዙሕ ተሸከርከርትን ህዝብን ዝንቀሳቐሰሉ ብምንባሩ ኣብ ብዙሓት ሰባት ኣድናቖት ክተርፍ ክኢሉ እዩ። ዩሚንግ ኣብቲ 73 ሰንቲ ሜትር ቁመትን 10 ኪሎ ግራም ክብደትን ዝነበሮ ባላ ደይቡ 80 ኪሎ ሜተር እዩ ብእግሩ ተጓዒዙ። ኑቲ ጉዕዞ ክዛዘሞ ሰለስተ መዓልታት ከም ዝወሰደሉ'ውን ይገልጽ። ዩሚንግ በዚ'ውን ደው ኣይበለን፡ ኣብ 2006 ኣብ 16.41 ሜትር ዝቑመቱ ባላ ብዘይ ጸገም ደው ክብል እዩ ክኢሉ። ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ተዓዘብቲ ናብቲ ሓጺን ድሕሪ ምድያቡ፡ ዝኾነ ከይሓዘን ብዘይ ዝኾነ ጸገምን ን10 ስጉምቲ ዝኣክል ክሸይድ ክኢሉ እዩ። ሳይማይቲ ዩሚንግ በዚ ደው ኣይበለን፡ ኣብ 2015 እውን 52 ሰንቲ ሜትር ዝቑመቱ ባላ ገይሩ ካብ መሬት 10 ሜትር በሪኹ ኣብ ዝተንጠልጠለ ገመድ ክሸይድ ከኣለ።

ኣብ 2023፡ ሓደ ካናዳዊ ዜጋ ኑቲ ዩሚንግ ሒዝዎ ዝነበረ ክብሪ ንምብጻሕ ተመሳሳሊ ተግባር እዩ ኣካይዱ። ንሱ'ውን ኣብ 16.76 ሜትር ቁመትን 62 ኪሎ ግራም ክብደትን ዘለዎ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ባላ ብምድያብ ንሰለስተ ሜትር ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክሸይድ ክኢሉ እዩ።





# ‘መን እሞ ከማኻ.......’
## ዜማዊት ቴማ ጽንብል ናጽነት 2026

ሳሙኤል ገብረብርሃን

**ዜማ ጽገዓት፡ መዝሙር ልምዓትን ምስክርነት ሓርበኛትን**

“…መን እሞ ከማኻ፡ ቅልስ ዘረብረብ ንኹሉ ትመልኽ ዘራይ ዘይትጸብ ሕጂስ ማሙቐሉ ዓሰቢ መኸተኻ ኣዝመራኻ ደብርኽ እትዋት ቀውፅኻ ፈልፈል’ያ መሬት ዛርዩ ኣኻውሕና ጥሉል ክራማትካ ደርሓሰ ደርሓሰና…”

ልቢ ህዝቢ ዝተንክፈት ዜማ

ኣብ ዓመት 2026፡ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ናጽነታ ንምብዓል ኣብ እትቐርበሉ ዘላ ታሪኻዊ እዋን፡ ሓንቲ ዜማ ካብ ኩሉ ማእዝናት ሃገር ክትሰብ ወጺኣ ሃገራት ከተቃልሕ ትሰምዕ ኣላ፡ እዛ ብድምጻዊ ዳዊት ተኽለሰንበት (ሽላን) ብዝለዓለ ተመስጦን ብሱል ድምጽን ዝተዘየመት “መን እሞ ከማኻ” ዝብል ትሕዝቶ ዝሓቖፈት መሳጢት ስራሕ፡ ካብ ተራ ደርፊ ሓሊፋ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ሰለስተ ወለዶታት ታሪኽ፡ ሱሩባና መኸተን ናይ መጻኢ ራእይን እትገጽብርቕ ሃገራዊት ‘ማኒፌስቶ’ ኮይና ኣላ፡ እዛ ዜማ እዚኣ ኣብ ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ኤሪ-ቲቪን ኩሉ ኤርትራዊ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ከም መለለዪ ወይ “ሎጎ” ዘኽሪ ናጽነት 2026 ብምዃኑ ኣብ ወሽጢ ኣፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሓቢንን ተስፋን ክትዘርእ በቒዓ ኣላ፡ ንትሕዝቶ ናይዛ ዜማ ሓደ ብሓደ እናተንተንና፡ ምስቲ ዘይሕለል ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ጸገማቱን መኸተኡን ኣዛሚድካ ክርአ ከሎ ድማ፡ እቲ ቃላት ንባዕሉ ስእሊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ንረኽቦ፡

**“መን እሞ ከማኻ፡ ቅልስ ዘረብረብ” - ምስክርነት ታሪኻዊ በደልን ጸገማትን**

እዛ ናይ 2026 ናይ ናጽነት ዜማዊት ‘ሎጎ፡ብሓያል ሕቶ እያ ትጅምር - “መን እሞ ከማኻ?”። እዚ ሕቶ እዚ መልሲ ንምርካብ ዘይኮነ፡ ኑቲ ኣብ ዓለም ማዕና ዘይተረኽቦ ጸገማት ኤርትራውያን ንምግላጽ ዝተመርጸ ናይ ኣድናቖት ቃና እዩ። “ቅልስ ዘረብረብ” ዝብል ሓረግ፡ ኑቲ ንሰላሳ ዓመታት ዝተኻየደ መሪር ናይ ናጽነት ቃልሲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኑቲ ድሕሪ ናጽነት ንልዑላውነት ሃገር ንምክልኻል ዝተገብረ ዘይሕለል ጸገማትን መኸተን እውን የጠቓልል። ኤርትራውያን ኣብ ታሪኽና ንኹሉ ዓይነት ዓመጽን ቃልሲን “ዘረብረብና” ወይ ድማ ዘንቀጥቀጥና ሓይሊ ኢና። ቃልሲ ብቓልሱ ከኣ፡ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ! ወተሃደራዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ቃልሲ።

ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ምስ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለም ክትገጥም ከላ እቲ ዓወት ብብዙሕ ኣጸዋር ዘይኮነስ ብጽንዓት ልቢ ህዝባ ምዃኑ፡ እዛ ዜማ ተዘኻኽረና። “ዘረብረብ” ክብል ከሎ፡ እቲ ዓወት ከመይ ዝበለ ረዚን ንመጺኡ ወለዶታት ዘኹርዕን ምዃኑ የመልክት። እዚ ቃልሲ እዚ ንጸላእቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ “ኢዩክኣልን እዩ” ዝብል ናይ ዓለም ግምት እውን ዘረብረበን ዘፍረሰን እዩ።

**“ንኹሉ ትመልኽ ዘራይ ዘይትጸብ” - ፍልስፍና ርእሰምርኮሳ**

ሓደ ካብቲ ንኤርትራ ከም ሃገር ፍልይቲ ዝገብራ ዓቢ ስነ-ሓሳብ “ርእሰ ምርኮሳ” (Self-reliance) እዩ። ዳዊት ኣብ ዜማኡ “ንኹሉ ትመልኽ ዘራይ ዘይትጸብ” ክብል ከሎ፡ ነዚ ዓንዲ ሕቖ ሃገራዊ ፖሊሲ ኤርትራ እዩ ዝገልጾ። ኣብ ዓለም ዝበዝሓ ሃገራት ኣብ ግዜ ጸገም “ዘራይ” ወይ ደለይቲ ሓገዝ ክኾና ከለዋ፡ ኤርትራ ግን “ባዕለይ ይኽእል” ብዝብል መትከል ኢያ ትምራሕ። እዚ ማለት ካብ ጓና ሓገዝ ወይ ምጽወታ ከይተጸበኻ፡ ብጾሕ ደቅኻን ብውሽጣዊ ዓቕምኻን ሃገርካ ምህናጽን ናጽነትካ ምሕላውን ማለት እዩ።

“ንኹሉ ትመልኽ” ዝብል ሓረግ፡ ኤርትራውያን ንጸገማትና ባዕልና ክንፈትሖም ከም እንኽእልን ንፀንቀፋታት ናብ ዕድላት ክንቅይሮም ከም ዝኸኣልናን የረድእ። እዚ ፍልስፍና እዚ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብ ባርነት ሳሕልን ዝተወልደ ኮይኑ፡ ሎሚ ድማ ኣብ ህንጻት ሃገርን ምክልኻል ልዑላውነትን ከም ቀንዲ ሞተር ኮይኑ የገልግል ኣሎ። እታ ዜማ ነዚ ሓቂ እዚ ብምጥቃሱ ኑቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ርእሰ-ተኣማንነትን ክብረ-መሰልን ብውቁብ ቃላት ትገልጾ።

**“ሕጂስ ማሙቐሉ ዓሰቢ መኸተኻ”፡ እዋን ዕረፍትን ፍረ-ጻዕርን**

ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ዓመታት መኸተን ጸገማትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ፍረ ጻዕርና ክንሓፍስ ግቡእ እዩ። “ሕጂስ ማሙቐሉ ዓሰቢ መኸተኻ” ዝብል ሓረግ፡ ኑቲ ዘርኣናዮ ተጻዋርነት ዝውድስ ኮይኑ፡ ካብቲ ናይ ጻዕርን መስዋእትን እዋን ናብ ናይ ረብሓን ቅሳነትን ምዕራፍ ንእናርእዮ ዘለና ገላ የመልክት። “ማሙቐሉ” ክብል ከሎ፡ እቲ ዝሓለፈ ቁሪ (መከራን ጸገምን) ተወዲኡ፡ ሕጂ ናይ ጸሓይ ወይ ናይ ምቐት እዋን መጺኡ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ “ዓሰቢ” እዚ፡ እቶም ብደምናን ረሃጽናን ብኹሉ ኣብርክቶን ሃገር ዘውሓስና ዜጋታት፡ ሎሚ ኣብ ውሕስነትን ሰላምን ኮይንና ሃገርና ክንሃንጽን ፍረ ጻዕርና ክንቋደስን ምርኣይ እዩ።

እዛ ዜማ ንፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ “ጻዕርኻ ኣይጠፈኣሽን፡ መስዋእትኻ ከንቱ ኣይተረፈን” ዝብል ናይ ምትብባዕ መልእኽቲ ተመሓላልፈልና። ንመኸተናን ጸገማትና ዘኸፈልናዮ ዋጋ ኣዝዩ ኣዝዩ ከቢድ እዩ፤ እቲ ዓሰቢ ድማ ብልክዑ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገር እዩ። እዛ ዜማ፡ ነዚ ሓቂ እዚ ብምጥቃሱ፡ ከም ህዝቢ ኣብ ጉዕዞ ርእሰና ክንተኣማመንን ብዩውትና ክንሕጎሰን ትጽውዑ።

**“ኣዝመራኻ ደብርኽ እትዋት ቀውፅኻ”፡ ራእይ ልምዓትን ብልጽግናን**

ኣብዚ ሓረግዚ እታ ደርፊ ካብ ስምዒታዊ መግለጺታት ናብ ግብራዊ ናይ ልምዓት ምስሊታት እያ ትሰግር። “ኣዝመራ” ን “ቀውዒ” ን ንሓረስታይ ህዝቢ ኤርትራ ምልክት ሽሻይን ዕግበትን እየን። እዚ ሓረግ እዚ ኑቲ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝዐየድ ዘሎ ናይ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪን ትሕተ-ቅርጻን ዕማማት ዝውክል እዩ። ኤርትራ ኣብ መበል 35 ዓመት ናጽነታ፡ ኣብ ውሕስነት መግብን ቁጠባዊ ዕብየትን ብዓቢ ስጉምቲ ትሕምባብ ከምዝላ የመልክት። “እትዋት ቀውፅኻ ደብርኽ” ክብሃል ከሎ፡ እቲ ዝተጉበረ ኩሉ ጻዕሪ ዕዙዝ ወጽኢት ክህብ ናይ ልቢ ምረቓ እዩ። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ሰላም፡ ምርግጋእን ልምዓትን ዝዋበር ዘሎ ዓቢ ስራሕ ዝውክል ኮይኑ፡ ኤርትራ ካብታ ብኩናት ትፍለጥ ዝነበረት ሃገር ናብታ ብልምዓትን ስራሕን እትልለ ሃገር ትሰግር ምህላዋ ዘርኢ እዩ።

**“ፈልፈል’ያ መሬት ዛርዩ ኣኻውሕና”፡ ተኣምራዊ ጻዕሪ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮ**

እዚ ሓረግ እዚ እቲ ዝበለጸ ስእላዊ መግለጺ ናይታ ዜማ ናጽነት እዩ። ኤርትራ መሬታ መብዛሕትኡ ብኣኻውሕን ጎቦታትን ዝተሸፈነ እዩ። ንሓደ ተዓዛቢ እቲ ኣኻውሕ ፋይዳ ዘይብሉ ክመስሎ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር፡ እታ ዜማ “ዛርዩ ኣኻውሕና” ብምባል፡ ኤርትራውያን ብጻዕርና ኑቲ ተሪር እምኒ ኩዓትና ማይ ከም ዘፈልፍሉ፡ ኑቲ ከውሒ ሓሪስና ድማ እኽሊ ከም እፍርየሉ ትገልጽ። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ መላእ ሃገርና ዝተጉበረ ምስራሕ ዲጋታት፡ ምጥጣሕ መሬትን ናይ ሓምላይ ዕዮታትን ዝውክል እዩ። እቲ “ምፍልፋል” መሬት፡ ንዕደናዊ ሃብቲ ሃገርን ንኹሉ እቲ ኣብ ወሽጢ መሬትና ተኸዚኑ ዘሎ ጸጋታት እውን የመልክት። “ዛርዩ ኣኻውሕና” ክብል ከሎ፡ ኤርትራውያን ዜጋታት ንተፈጥሮ ተማባርኪ፝ንና ዘይተገዝናሉ ንተፈጥሮ ብጥበብን ጻዕርን ናብ ረብሓና ከም እነውዕሎ ዘርኢ እዩ።

**“ጥሉል ክራማትካ ደርሓሰ ደርሓሰና”፡ ምርቓን ሰላምን መጻኢ ተስፋን**

ኣብ ምዝዛም እዛ ዜማዊት ሎጎ፡ “ጥሉል ክራማትካ ደርሓሰ ደርሓሰና” ዝብል ሓረግ ኣሎ። እዚ ሓረግዚ ከም ጸሎትን ምርቓን እዩ ዝስማዕ። ኣብ ባህሊ ኤርትራ፡ ክራማት ወይ ዝናብ ምስ ሰላምን ምዕባለን ዝተሓሓዘ እዩ። እዛ ዜማ እዚኣ እቲ ዝመጽእ ዘሎ ዓመታት ናይ ብዕብየትን ዕረፍትን ክኸውን፡ እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ድማ ብጥሉልን ረባሕን ወጽኢት ክትካእ ዘለዋ ምጽዋት ትገልጽ። “ደርሓሰና” ክብል ከሎ፡ እቲ ዓወት ንሓደ ወገን ጥራይ ዘይተኣስ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ (ኣብ ወሽጥን ኣብ ወጻእን ዝለዉ) ዝምልከት ምዃኑ የረጋግጽ። እዚ ምርቓ እዚ፡ ኑቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ናይ ሓባር ሕልምን ብሩህ ተስፋ መጻእን ዘንጸብርቕ እዩ።

**መደምደምታ፡- ዜማ ከም ሰንቂ ወለዶታት**

እዛ ብዓዊት ተኽለሰንበት ዝተዘየመት “መን እሞ ከማኻ…” ዝብል ትሕዝቶ ዘለዋ ዜማዊት ሎጎ ናይ ሎሚ ዓመት ንጽንብል ናጽነት፡ ንታሪኽ ዝሓለፈ ወለዶ ዘኽበረ፡ ንመኸተን ጸገማትን ሎሚ ዘተዓብዮን ንብሩህ መጻኢ ጽባሕ ዝተሃበየን ጥርኑፍ ሃገራዊ መልእኽቲ ዘለዋ ስራሕ እያ። እዛ ዜማ እዚኣ፡ ብኣጋጣሚ ናይ ሎሚ ዓመት ዘኽሪ ናጽነትና ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ኤሪ-ቲቪን ኤርትራዊ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ብቐጻሊ ከም ሎጎ ክትቃላሕ ምብቃዓ፡ ንኤርትራውያን ዜጋታት ናይ ሓበንን ተስፋን ስምዒት ይፈጥረልና። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ 2026 ዝበዓል ዘሎ መበል 35 ዓመት ናጽነት ፍሉይ ድምቀት ይሀቦ።

ነፍሲ ወከፍ ቃል ናይዛ ዜማ፡ ምስቲ ኣብ ባይታ ዝርአ ዘሎ ናይ ልምዓት ምስሊታት ተደሚሩ፡ ኤርትራ ብኸመይ ካብ ባዶ ተንሲኣ ብጾሕ ደቃ ክትህነጽ ከም ዝኸኣለት ዝምስክር እዩ። “መን እሞ ከማኻ” ማለት “መን እሞ ከምቲ ብጸገማቱ ዝተዓወተ ህዝቢ ኤርትራ” ማለት እዩ። ሎሚ’ውን እንተኾነ፡ ዝኸንፈና ቃልሲ እንተሃለወ እኣሩብርቦሉ፡ ዘራይ ዘየህርፈና፡ ማሚቑና ክንፈጥር ዘኽእለና፡ ኣዝመራናን ቀውዕናን ዘበርኽ፡ መሬትና ዘፈልፍልን ኣኻውሕና ዘዘርዩን እንኮ ውሕስነት፡ ‘ጸገማት’ ጥራይ ምዃኑ ጸቒጣ እተዘኻኽር ዜማዊት ሎጎ’ያ። ምስ ናይ ሎሚ ዓመት፡ ‘ጸገማትና ውሕስነትና’ ዝብል ቴማ ናጽነት ብልክዕ እትቃዶ ዜማ! ኣብ መዝገብ ታሪኽ ኤርትራ ከም ሓንቲ ካብቶን ወርቃውያን ዜማታትና ኮይና ክኣ ተሰኒዳ ክትነብር’ያ። ንጸሓፊ ሕደማ ናይዛ ዜማ ሚኪኤል ነጋሲ (ጎጀ)፡ ንድምጻዊ ዳዊት ሽላንን ንኣቀናባሪ መዚቃ መሴን (ቺካዘ)ን ከኣ ‘ክብረት ይሃብልና’ ይግበኦም እዩ። ብሩህ ቅንያት መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ!



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፈዮሪና |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | መዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰሉይ

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ መኣዝን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project:**

Position: HR Supervisor – Employee Relations

Department: Human Resources (HR)

Number of Positions: One (01)

### Position Overview

The Employee Relations Supervisor is responsible for overseeing the relationship between employees and employers, ensuring compliance with Eritrean labor laws and HR practices. This role provides leadership in managing employee relations cases, guiding policy implementation, and fostering a fair, transparent, and positive workplace culture. The Supervisor acts as both a mediator and advisor, supporting management while advocating for employee welfare.

### Primary Purpose

Supervise and administer employee relations, disciplinary matters, wellbeing activities, case management, HR documentation, and compliance tasks, ensuring accurate reporting and adherence to company policies and Eritrean Labour Laws.

### Key Responsibilities

- Administer HR processes, documentation, and compliance reports.
- Coordinate employee wellbeing activities, morale surveys, and social events.
- Manage disciplinary hearings, grievances, employee cases, and separation processes.
- Represent the company in labor court cases and ensure compliance with rulings.
- Prepare HR reports including discipline, turnover, case management, and labor court status.

### Qualifications & Experience

- Degree/Diploma in HR Management, Business, Public Administration, or Law.
- **Law graduates are highly advantageous.**
- 3–5 years' experience in HR/employee relations; mining industry experience is an advantage.
- Strong knowledge of Eritrean Labour Proclamation and employment law.
- Experience in disciplinary hearings, grievances, court representation, and HR reporting.

### Skills & Competencies

- Computer literacy (MS Office – Intermediate).
- Strong communication skills (English & local language).
- Report writing, presentation, and administrative skills.
- Integrity, confidentiality, and ability to work under pressure.
- Strategic thinking, problem-solving, and interpersonal relations.

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጀርም ጉብረያናስ ወ/ኢል፡ ብዒልቤተይ መሓሪ ገለ ሃደለ ስለዘተሰወኣ፡ ንዒይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ሉና ሰመረ ኣብርሃም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ሚካኤል መሰለኣብ ደበሳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 25/5/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኻኑ ንፈልጥ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ወ/ሮ ኤልሳ ግደ ኪዳ፡ ስም ወላዲተይ ኤየሩ ተወልደ ዘራጼን ምባል ተረፉ፡ የሩሳሌም ተወልደ ዘራጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ብስም ዓብደልቃድር ኢብራሂም ጣህር፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00042941 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጉደና መራፊት ቁ.ገዛ 10 ዝርከብ ናይ ምቁር ሕብስቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ዳኒኤል ኣብርሃ ጉብረ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞ ገዛ ጥንዳ ጉደና 191-1 ቁ. ገዛ 13 ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 30/04/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ኣመልካቲ፡ ዓብደልቃድር ኢብራሂም ጣህር
ሕጋዊ ወኪል ዓብደላሂ መሓመድዓሊ በኺት

ሲራክ ክፍለ

# ካብ በደላ ናብ ውሑስን ዘይውሑስን ገንዘብ

ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት ምስ ገንዘብ ዝተሓሓዙ ብዙሕ መግለጺታት ንሰምዕ ኣለና። ብዛዕባ ኣመጻጽኣ/መበቆል ገንዘብን ምዕባለኡን እኹል መረዳእታ ንክህልወና ገለ መባርሂ ወስ ከኡብል።

## 1. ገንዘብ እንታይ'ዩ

ቀንዲ ትርጉም/ኣድላይነት ገንዘብ ፍርያትን ኣገልግሎትን ንምቅያር እዩ። ንኣብነት ሰርናይ ክሽምት ዝደለየ ሰብ፥ ምስ ሸያጣይ ሰርናይ ዋጋ ተሰማሚዑ፥ ንሸያጣይ ገንዘብ ይኸፍሎ ንሱ ከኣ ሰርናይ ይርከብ፤ እዚ "ልውውጥ ፍርያት" ኣብ መንጎ ሸያጣይን ዓዳጋይን ይበሃል። ሸያጣይ ሰርናይ ኣብ ግዝኡ መብራህቲ ከእቱ እንተደልዩ ከኣ፥ ምስ ኤለትሪሺስታ ተወዳሊሉ መብራህቲ የእቱ፤ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ከኣ ገንዘብ ይኸፈል። እዚ ከኣ "ልውውጥ ንኣገልግሎት" ይበሃል።

ኣድላይነት ገንዘብ ብቐንዱ ንምልውዋጥ ፍርያትን ነገራትን ኮይኑ ብዙወሳኺ ከኣ ገንዘብ፥ ከም መኽዘን ሃብቲ (ገንዘብ ኣቐሚጥካ ኣብ ዘድለየካ ግዜ መሸመቲ ክኸውን)፣ ከም ኣሃዱ መዐቀሪ ዋጋ (መለክዒ ክብሪ ዒ፥ በጊዕ ወዘተ.) ከምኡ'ውን ንምልቕቓሕ የገልግል። ብዘይ ገንዘብ መዓልታዊ ልውውጥ ይኹን ብዓቢኡ ቁጠባ ብጽፉፍ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ።

## 2.ፍልቀት/ኣመዓብላ ገንዘብ

### 2.1 ስርዓት በደላ - ቅድሚ 8000 ዓመት

ኣብ ጥንቲ መሸጣን ዕድግን ብበደላ (Barter፥ ቀጥታዊ-ልውውጥ ፍርያትን ኣገልግሎትን) እዩ ዝካየድ ነይሩ። ንኣብነት ሓደ ሓረስታይ ካብ ጸራቢ ሓጺን ማሕረስ ክገዝእ፥ ርብዒ ኩንታል ሰርናይ ይኸፍል። ወይ'ውን ከሎ ዘይቲ ብልዒ ክሽምት ክልተ ርብዒት ሰርናይ ይኸፍል። ኣብዚ ስርዓት'ዚ እቲ ክፍሊት ቀጥታዊ-ልውውጥ ፍርያት እዩ።

ቀጥታ-ልውውጥ ኣሸጋሪ መስርሕ እዩ። ክልተ ድልየት ፍርያት ወይ ኣገልግሎት ዘለዎም ሰባት ኣብ ሓደ እዋን ክራኸቡ ስለዘለዎም። ሰርናይ ዘለዎን ዘይቲ ዘለዎን ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሓደ ቦታ ክራኸቡ ኣለዎም ማለት እዩ። ዝ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ድማ እዩም፥ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ሓደ ወሰኑን መዓልቲ ዕዳጋ ከማዕበሉ ዝኸኣሉ። ኣብ ገጠራት ሃገርና እንተረኣና ፍሉይ መዓልቲ ዕዳጋ ዝነበረን ዓድታት ነይረን። እዚ ሎሚ ኣብ ኣስመራ ዕዳጋ ሓሙስ፥ ዕዳጋ ዓርቢ ንብሎ ምናልባት መበቆሉ ንሱ ክኸውን ይኽእል እዩ።

### 2.2 ፍርያት ከም ገንዘብ - ቅድሚ 4000 ዓመት

ጸገማት ቀጥታዊ-ልውውጥ ንምፍታሕ ክኽዘን ወይ ንነዊሕ ግዜ ክጸንሕ ዝኽእል ክብሪ/ዋጋ ዘለዎ (intrinsic value) ፍርያት ከም ጨው፥ ከብቲ፥ ጥረ-ምረ፥ ቆጠፍ ሻሂ ወዘተ. ተኣታትዩ። ኣብ መዋእል ቅድመ ሓጺን (Pre-metallic era) እዝን ከምዝን ፍርያት፥ ፍርያት ወይ ኣገልግሎት ሸይጥካ ክሳብ ደላይካ ትረክብ ከም ትሕጃ ወይ መጻንሒ ዝሓሸ መተካእታ ኮይኑ ኣገልጊሉ። ንኣብነት ኣብ ግዜ ስልጣነ ሮማ ደሞዝ ዓስከራት ብጨው (salt) ይኽፈል ስለዝነበረ፥ ብቛንቋ እንግሊዝ ደሞዝ (salary) ዝብል ቃል ካብቲ ደሞዝ ዓስከር ዝነበረ ጨው ዝተበገሰ እዩ ይበሃል።

ፍርያት ከም ገንዘብ ካብ ቀጥታዊ-ልውውጥ ኣዝዩ ስለዝሓየሸ ጸቢቕ ተቐባልነት ረኺቡ ንልዕሊ 1000 ዓመት ኣገልጊሉ። ንጥፈታት ዕድግን መሸጣን እናሰፍሐ ምስ ከደ ግን ከብቲ ይኹን እኽሊ ከም መለክዒ ክብሪ ፍርያት ከገልግል ኣጸጋሚ እናኾነ መጺኡ። ምኽንያቱ እኽሊ ወይ ከብቲ ከም መዐደጊ ክትጥቀመሉ ነዊሕ ጉዕዞ ተጓዒዝካ እንተ ዘይሰለጠካ ሒዝካዮ ክትምለስ ኣድካሚ እዩ።

### 2.3 ሓጺናዊ-ገንዘብ - ካብ ኣሰታት 2600 ዓመት

ኣብ ሊድያ ዝተባህለ ከባቢ፥ ናይ ሎሚ ቱርኪ ንመጀመርያ ግዜ ናይ ወርቂን ብሩርን ሳናቲም ተኣታትዩ። ወርቅን ብሩርን ናይ ግዱእ ርእሱ ዘይንኪ ክብሪ ስለ ዘለዎ፥ ከይተበላሸወ ንሓዋሩ ስለ ዝጸንሕ፥ ብቐሊሉ ክንቀሳቐስን ክኽዘንን ስለ ዝኽእል ወዘተ ዝበለጸ ኣማራጺ ልውውጥ ኮይኑ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ሓደ ሳንቲም (ግራም ወርቂ ወይ ብሩር) ክንዲ 5 ደርሁ ወይ ሓንቲ በጊዕ ኢልካ ዋጋ ምትማን ቀሊል ኮይኑ። (Metal Coin 600 BC) ምትእትታው ወርቅን ብሩርን ከም መለዋወጢ ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ዘመናዊ ገንዘብ ኮይኑ፥ ኣሰፋሕፊሑ። እቲ ንዓሰርተታት ኣሽሓት ዓመታት ዝጸበረ ልምዲ ልውውጥ መልክዑ ቀይሩ፥ ናብ ሓውሲ ዘመናዊ ንግዲ ተቐይሩ።



### 2.4 ናይ ወረቐት ገንዘብ

ወርቅን ብሩርን ብቐሊሉ ብዝበዝሐ ስለ ዘይርከብ መጠን ንግዲ እናሰፍሐ ምስ ከደ ናይ ወረቐት ገንዘብ ፈለማ ቅድሚ 1300 ዓመት ኣብ ቻይና ኣሰታት 1000 ዓመት ጸኒሑ ከኣ ኣብ ኤውሮጳ ተኣታትዩ። እዚ ናይ ፈለማ ናይ ወረቐት ገንዘብ ብመንግስቲ ወይ ብሃብታማት ውልቀሰባት እዩ ዝሕተም ነይሩ። ናይ ወረቐት ገንዘብ ብገለ መልክዑ ክሳብ ሕጂ ብውልቀሰባት ብትእውደኒ (IOU – I owe you) ዝሰምዕ ወረቐት ይትግበር እዩ። 'ትእውደኒ' ዝብል ወረቐት ፈርማ ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ቤት ፍርዲ እውን ተቐባልነት ኣለዎ። ይኹን'ምበር ናብ ሳልሳይ ሰብ ክዘዋወር ኣይክእልን እዩ።

### 2.5 ባጤራ "ይኹን ገንዘብ" ካብ 17 ሓበራዊ ዘመን

ብእንግሊዝ Fiat Currency ኣብዚ "ይኹን ገንዘብ" ኢልናዮ ኣለና። እቲ Fiat ዝብል ቃል ላቲን (let it be done - ይኹን) ማለት ኮይኑ ምስ ዓይነት መኪና ኢጣልያ ዘተሓሕዝ የብሉን።

ኣብ 17 ክፍለ ዘመን እንዳ ወርቅን ውልቃዊ ባንክታትን ብመጠን ኣብ ትሕዝቶኦን ዘሎ መጠን ወርቂ ውሕስነት ናይ መብጽዓ ወረቐት (ባጤራ) ከሕትሙ ጀሚሮም። ከምዚ ዓይነት ውሑስ ናይ ወረቐት ባጤራ ዘለዎም ሰባት ነቲ ባጤራ ንሳልሳይ ኣካል ከተሓላልፉ መሰል ነይሩዎም። እዚ ከኣ ነቲ ሎሚ ንፈልጦ ዘመናዊ ባጤራ ዝጀመረ ኣገባብ እዩ። እዚ ኣገባብ (ውሑስ ገንዘብ) ንኣሰታት 200-250 ዓመታት፥ ክሳብ ምጅማር ቀዳማይ ውግእ ዓለም ቀጺሉ።

ድሕሪ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ሃገራት - ኣብ ብሪጣንያ ብ1921 ኣብ ኣመሪካ ከኣ ኣብ 1935 - ምሕታም ባጤራ ብመንግስታዊ ባንክ ጥራሕ ክኸውን ወሲነን። እቲ ብውልቃዊ ባንክታትን እንዳ ወርቅን ዝሕተም ዝነበረ ገንዘብ ውሕስነት ወርቂ ነይሩዎ። ሃገራዊ ባንክታት ምሕታም ገንዘብ ምስ ጀመራ ንኣብነት ኣብ ኣመሪካ ካብ 1933፥ ኣብ ብሪጣንያ ካብ 1931 ውሕስነት ወርቂ ንምሕታም ገንዘብ ተረፉ። እንኮ ውሕስነት ገንዘብ እምነት ኣብ መንግስቲ ጥራሕ ኮይኑ። የግዳስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ገንዘብ ብውሕስነት መንግስቲ የሰርሕ እዩ። ኣብ ዓለማዊ ንግዲ ግን ኣጸጋሚ'ዩ።

### 2.6 ዓለማዊ ንግዲ ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ውግእ ዓለም

ኣብ መንጎ 1919 – 1939 ዓለማዊ ንግዲ ሕልኽልኽ ዝበለ፥ ናይ መብዛሕትኦን ሃገራት ባጤራ ክብሩ ዘየተኣማምን ዝኾነሉ፥ - ከምዚ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ንርእዮ ዘለና ብር ካብ 40 ንሓደ ዶላር ናብ 150 ዝደየበሉ - ዘየተኣማምን ግዜ'ዩ ነይሩ። ካብ 1919 ክሳብ 1925 ብ"ይኹን ገንዘብ" ክሰራሕ ተፈቲኑ። መጠን ሸርፊ ብዙሓት ሃገራት ኣንቀልቀሉ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት ዝግበር ንግዲ ኣተኣማማኒ ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት ከኣ ውሕስነት ወርቂ (gold exchange standard) ካብ 1925 ክሳብ 1931 ክተኣታቶ ተፈቲኑ። ቀጻልነት ኣይነበሮን። ከም ኣማራጺ ገለ ሃገራት ናይ ኣመሪካ ዶላር ወይ ናይ ብሪጣንያ ፓውንድን ከም ዕቑር ባጤራ (reserve currency) ክሕዛ ጀሚረን። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዶላር ይኹን ፓውንድ ውሕስነት ወርቂ ነይሩዎ።

ኣብ ኣመሪካ ኣብ 1929 ዝጀመረ ዓቢ ቁጠባዊ ቅልውላው (great depression) ኣብ መላእ ዓለም ርኢሙ፥ ፈለማ ብሪጣንያ ብ1931 ኣሰዒቡ ከኣ ዳርጋ ኩለን ውሑስ ባጤራ ዝነበረን ሃገራት ውሕስነት ሰሪዘኦ። ኣመሪካ ኣብ 1931 ኣብ ውሽጢ ሃገር ዶላር ናብ ወርቂ ምቕያር ደው ኣቢላ፥ ንግዳም ግን ቀጺላቶ። ቅድሚ 1931 ኣብ ዓለም ፓውንድን ዶላርን ከም ዕቑር ገንዘብ ይተሓዝ ከም ዝነበረ ኣቐዲምና ጠቒስና ነይርና። ብሪጣንያ ኣብ 1931 ፓውንድ ናብ ወርቂ ምልዋጥ ደው ምስ ኣበለት ብዘይ ውዓል ሕደር ኣብ ፓውንድ ዝነበረ እምነት በኒኑ። ዶላር ዓብላሊ ኮይኑ።

ኣብዚ ምስትብሃል ዘድልዩ፥ ኣብዚ መድረኽ ዶላር ተኣማኒ ዝኾኑ መንግስቲ ኣመሪካ ንሃገራት ዶላር ናብ ወርቂ ክትቅይር ቅርብቲ ስለ ዝነበረት ጥራሕ እዩ።

### 2.7 ኣገባብ ብረቶን ወድስ

ብረቶን ወድስ ኣብ ታሪኽ ቁጠባ ዓለም ዓቢ ቦታ ዝሓዘት፥ ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ ካርል እትብሃል ከተማ ኣብ ኒው ሃምሸር እትርከብ ግዝወቲ (ዕዳጋ ሓሙስ ዝዓይነቱ) እያ።

ብብረቶን ወድስ ኣገባብ ዝፍለጥ፥ ኣብ ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣመሪካ ዝመረሓቲ 44 ኣብ ግዜ ውግእ "ተሓባበርቲ ሃገራት" (Allied Nations) ዝነበራ - መብዛሕትኣን ሃገራት ምዕራብ፥ ሕብረት ሶቭየት፥ ቻይና፥ ህንዲን ካልኦትን - ዝተሳተፈኦ ዋዕላ እዩ።

እዚ "ዋዕላ ባጤራን ፋይናንስን ውድብ ሕቡራት ሃገራት" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣኼባ ኽዚ ዝስዕብ ትካላት ኣቑሙ፥

- ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ (IMF)
- ኣህጉራዊ ባንክ ዳግመ ህንጻን ልምዓትን፥ ሎሚ ክፉል ዓለማዊ ባንክ (WB)

ምስ ኣርእስትና ዝኸይድ ቀንዲ ውጽኢት ናይዚ ዋዕላ'ዚ፥ ባጤራ ሃገራት ብመንጽር ዶላር ቀዋሚ ክኸውን፥ ዶላር ከኣ ብመንጽር ወርቂ ቀዋሚ ኮይኑ ንሓደ ኦንስ (28.35 ግራም) 35 ዶላር ክኸውን ምስምምዖም እዩ።

ኣብዚ ምግንዛብ ዘድልዮ ኣገዳሲ ነጥቢ፥ ሃገራት ዓለም ኣብ ክንዲ ወርቂ፥ ዶላር ከም ውሑስ ባጤራ ክረኣ ተሰማሚዐን ማለት እዩ። ኣመሪካ ከኣ ንዶላር ብመንጽር ወርቂ ቀዋሚ ክትገብሮ ተመብጺዓ። እዚ ማለት ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ንግዲ ኣብ ክንዲ ኣብ ውሕስነት ወርቂ ዝምርኮስ ኣብ ዶላር ኮይኑ ማለት'ዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ሓንቲ ሃገር ዶላር ክሳብ ዘለዋ ወርቂ ከም ዘለዋ እዩ ዝሕሰብ። እዚ ከኣ "መንግስቲ ኣመሪካ ነቲ ዝኣተዎ መብጽዓ ክኽብሮ እዩ" ኣብ ዝብል እምነት ዝተመርኮሰ እዩ።

ሓንቲ ሃገር ፍርያት ሕርሻኣ፥ ፍርያት ፋብሪካታታ፥ ክፍሊት ኣገልግሎት ብዶላር ተቐቢላ፥ ኣኪባ ኣብ ዝማእመአ ሰዓት ንመንግስቲ ኣመሪካ ኣረኪባ ብሕሳብ 35 ዶላር ን28.35 ግራም ወርቂ ትረክብ ማለት እዩ። ተኣማኒ ዝተኸበረሉ እምነት ክሳብ ዘኽበረ ጸቢቕ ሓሳብ'ዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ፥ ነቲ ዘለናዮ መድረኽ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብዝርዝር ክንርእዮ ክንፍትን።

### 2.8 እምነት ኣብ መብጽዓ ኣመሪካን ሳዕቤኑን

ዕላማ ብረቶን ወድስ

1. ርጉእ መጠን ሸርፊ ምርግጋጽ፥ ቅድምን ኣብ ግዜ ውግእን ዝነበረ ሳዕለን-ታሕትን መጠን ሸርፊ ንቁጠባ ሃገራትን ዓለምን ሃሳዪ ነይሩ። ሃገራት ባጤራኦን ብመንጽር ዶላር ቀዋሚ ገይረን፥ ዶላር ከኣ ብመንጽር ዋጋ ወርቂ ቀዋሚ ከምዝኸውን ምግባሩ ተዛማዲ ርግኣት ፈጢሩ። ከመይሲ፥ ኣብ መንጎ ሃገራት ብዶላር ልውውጥ ንግዲ ምስ ተጉበረ፥ ዶላር ዝኣከበት ሃገር ዶላራ ንኣመሪካ ኣረኪባ ወርቂ ስለ እትረክብ ቅሳነትን ርግኣትን ይፈጥር።

2. ምዕባይ ቁጠባ ዓለም፥ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ቁጠባ ሃገራት ሃደሽደሽ ኢሉ ነይሩ። ብዶላር ዝተዋሕሰ ርጉእን እሙንን መጠን ሸርፊ ንኣህጉራዊ ወፍርን ንግዱን ክብ ክብል ሓጊዙ።

3. ዲሲፕሊን፥ መንግስቲ ኣመሪካ ናይ ሃገራት ዶላር ናብ ወርቂ ክትቅይሮ ተመብጺዓ ንልዕሊ 20 ዓመት'ውን ስለ ዝተግበረቶ ቅሳነት፥ ተኣማንነት ኣሕዲሩ።

4. መኣረሚ ሕሉፍ ጌጋታት፥ ቅድሚ ውዕል ብረቶን ወድስ፥ ሃገራት መጠን ሸርፊ ባጤራኦን ከም ድላየን የውርዳ ብምንባረን ዘይምትእምማንን ቁጠባዊ ቅልውላውን ኣሰዒቡ። ውዕል ብረቶን ወድስ ከኣ ከም ኣራሚ ስጉምቲ ተራእዩ።

5. ጽንዕ ትካላዊ ደገፍ፥ ማዕረ-ማዕረ እቲ ናይ ብረቶን ወድስ ኣገባብ (ውሑስ ዶላር)፥ ትካላት ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ዓለማዊ ባንክን ምቛመን ሓጊዚ ነይሩ።

እዚ ኩሉ ብልጫ ዘለዎ ኣገባብ ብረቶን ወድስ ንምንታይ ተቛሪጹ፧ እዚ ጸቡቕ ዕላማ ንዓለም ርግኣትን ቁጠባዊ ዕብየትን ከረጋግጽ ዝተኣመነሉ፥ ንገለ ዓመታት እውን እወንታዊ ውጽኢት ዘምጽአ መዓስን ንምንታይ ተቛሪጹ፧ ጥዩቱ።

ሓጺር መልሱ፥ ኣመሪካ መብጽዓኣ ስለ ዘኾነበረት እዩ። ጠሊሟ። ኣብ መወዳእታ 60ታት ከኣ እቲ ጸቡቕ ዕላማ ፈርከሽከሽ ክብል ጀሚሩ። ንምንታይ፧

**ይቕጽል . . .**

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል - ውድድር ማውንቴን ባይክ ናይ ዋንጫ ናጽነት ፈሊሙ





ፌደረሽን ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ንክልተ መድረኻት ዝሰላሰል ውድድር ማውንቴን ባይክ ትማሊ ኣብ ከቢ. መቓብር ሓርበኛታት ፈሊሙ።

37 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ምድብ 'C' ኮይናም፡ መርሃዊ ዞሚካኤል ካብ ጋንታ ሳሊና ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ሄኖስ ዳዊት ካብ ትጸቢት፡ ዩኤል ኣቤል ካብ ኣደማስ ሰዒቦም።

41.4 ኪሎሜተር ዘተዩዱ ምድብ 'B' ድማ፡ ማርዳኳይ ብርሃ ካብ ጋንታ ኣደማስ፡ ኣቢሁ ሓደሽ ካብ ጉዳይፍ ቀዳሞት ሰለስተ ዕውታት ኮይኖም።

36 ኪሎሜተር ካብ ዝሸፈና ተካእቲ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ደቂ ኣንስትዮ ኸኣ፡ ብስራት እስቲፋኖስ ካብ ጋንታ ጋላፍሒ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ማሙቕ ተወልደ ካብ ሰራይር ሳዋ ፡ ጸዮን የማነ ካብ ሳሊና ተኸቲለንኣ ኣትየን። ኣብ መወዳእታ ውድድርም ካብ ዘተዩዱ ዓበይቲ ማውንቴን ባይክ ምድብ 'ኤ' ድማ፡ መሴ ሚካኤል ካብ ጋንታ ትጸቢት ንመወዳድርቱ ብሾኳ ረቲዑ ቀዳማይ ተዓዊቱ። ቤዝሁር ደበሳይ ካብ ገጀረት፡ ተማስገን ሳሚኤል ካብ ጉዳይፍ ድማ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

ኣብቲ ኢጋጥሚ፡ ካብ ነብሪ ሃገረ ሆላንድ ዝሸፋ ኣቶ መለስ ሃብተ፡ ብመንገዲ ማሕበር ጉዳይም ተቐዳደምቲ ብሽክለታ፡ 15 ምሉእ ዕጥቒ ተወፍዩ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ንትርከቦም ተቐዳደምቲ ከም እተዓደለ ህዝባዊ ርክቡት ናይቲ ፈደረሽን ኣብ ዝለኣኸልና ሓበሬታ ገሊጹ።

ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ፡ ቀዳም 16 ግንቦት ኣብ ኢክስፖ ከቢ. 5ይ መደበር ፖሊስ ብዘተዩድ ናይ ካልኣይ መድረኽ ውድድር ክዛዘም እዩ።

## ፈርናንደዝ፡ ሽልማቱን መጻኢ ኣመታቱን

ኣብ 2020 ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ካብ ዝመጸኡ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ይኹን ሻምፕዮንስ ሊግ ኣየልዓለን፡ ብሩኖ ፈርናንደዝ።

ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ብምዃን ኣብ 2023 ዋንጫ ሊግ ካፕ ከምኡ'ውን ኣብ 2024 ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ ከልዕል በቒዑ'ዩ። ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ድማ፡ "ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ኣብ



2013 ንዩናይትድ ካብ ዝገደፋ፡ ናብታ ክሉብ ዝተጸንበረ ዝበለጸ ተጻዋታይ ብሩኖ ፈርናንደዝ እዩ" ብምባል ይገልጽዎ።

ሎሚ ዓመት ናብ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝመጸኡ ዝበለጸ ብቕዓቱ የንጸባርቕ ከም ዘሎ ብብዙሓት ይእመነሉ። ኣብዚ ዓመት 8 ሹቶታት ፕሪመር ሊግ ምስ 19 ቀረብት ብምኽያድ (እዚ ናይ ትማሊ ጸወታ ኣየካትትን)፡ እግሩ ብቀጥታ ኣብ 27 ሹቶታት ብምሕዋሱ ከኣ፡ ዓርቢ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝዕበዩ ውልቃዊ ሽልማት ዓቲሩ፣ ሓለቓ ጋንታ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ፖርቱጋላዊ ኣከፋፋሊ ብሩኖ ፈርናንደዝ።

ፈርናንደዝ ብጸሓፍቲ ኩዕሶ እግሪ'ታ ሃገር ንዝሓረን ዝወሃብን ሽልማት'ዩ ተዓዊቱሉ ዘሎ። ፈርናንደዝ 45% ድምጺ ብምርካብ ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ዴክላን ራይስ ካልኣይ፡ ኤርሊንግ ሃላንድ ድማ፡ ሳልሳይ ወጺኦም። እዛ ሽልማት ዋይን ሩኒ ኣብ 2010 ተዓዊቱላ ብምንባሩ፡ ፈርናንደዝ ድሕሪ 16 ዓመት ነዛ ሽልማት ዝዓተረ ተጻዋታይ ዩናይትድ ኮይኑ'ሎ። ድሕርዚ ሽልማት ከኣ፡ መጻኢ ፈርናንደዝ ናበይ'ዩ ክኸውን፧ ዝብል ሕቶ ብዙሓት'ዩ።

ደገፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ነዚ 'ንጉስ ቀረብ ኳሶ' ዝብል ቅጽል ተዋሂብዎ ዝርከብ ብሩኖ ፈርናንደዝ ውልቃዊ ሽልማት ይዕተር ኣይዕተር ምስ ጋንታኦም ክቕጽል'ዩም ዝደልዩዎ። ምስ ዩናይትድ ዘለዎ ውዕል ምስ ናይ ምንዋሕ ተኽእሎኡ፡ ንኽዛዘም ሓደ ዓመት ተሪፍዎ ይርከብ።

ዝሓለፈ ክረምቲ ኣል-ሂላል ህጡር ገንዘብ ብምስላዕ ናብ ሊግ ስዑድያ ክጽንበር ሕቶ ኣቕሪቡሉ ነይሩ። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ተሳቲፎ ሻምፕዮንስ ሊግ ምውሓስ እንተ ተሸገራ ከኣ፡ ናብዛ ክሉብ ክቕጽል'ዩ ተባሂሉ ጽሒፉ። ዩናይትድ፡ ብዘመዝገቡዎ ወጽኢት ግን ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስታፋ ኣረጋጊጸ ትርከብ። ፈርናንደዝ ብዝሀብ ምንዋሕ ውዕሉ ኣመልኪቱ ምስ ጋንታኡ ንኽዘራረብ ድሉት ኣሎ። ዩናይትድ'ውን ድሌታ'ኳ እንተኾነ፡ ደሞዙ ግን ከም ድላያ ክኸውን'ያ ትብህግ።

እዚ 33 ዓመት በጺሑ ዘሎ ተጻዋታይ፡ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ብምዃን ክብርታት ክወስኽ ዶ ዋላስ ህጡር ደሞዝ ክረክብ ሃሰው ይብል ዘይተመለሰ ሕቶ ኮይኑ'ሎ። መጻኢ ብሩኖ ፈርናንደዝ ኣብ ምርጫ እቲ ንዓመታ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝኸውን ክውሰን'ዩ። እንተ ካብ ግን ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ክቕጽል'ዩ ባህጉ።

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ይቕጽል

መኮንን ገብሪሰን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ብምክልኻል፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዘተዩዶ ዘሎ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ዝሓለፈ መዓልታት ብጥጥማት ባድሚንተን ሰደቃ ቴንስን ቸስን ቀጺሉ።

ተጻወትቲ ቸስ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዝገበርዎ ጸወታ፣ ሰንጥቕ ንሳዋ 3-0፡ በኒፈር ንክንዴ 2.5-0.5፡ ሓረና ንኣደርሰር 2-01፡ብደሆ ንመኸተ 2-01፡ ሽዕላ ንንሕሪ 2-01 ሰዒረንኦን። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ሰንጥቕ ንሓረና 2-01፡ በኒፈር ንብደሆ 2-01፡ ንሕሪ ንክንዴ 2-01፡ ሽዕላ ንኣደርሰር 3-00፡ ዓንበርበብ ንመኸተ 2-01 ረቲዐንኦን።

ኣብቲ ንፈለማ ግዜኡ ዝተዩድ ዘሎ ወድድራት ሰደቓ ቴንስ ወሸጢ ግዛ ከኣ፣ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሽዕላ ንሰንጥቕ፡ ሳዋ ንመኸተ፡ ሓረና ንብደሆ፡ ሽዕላ ንዓንበርበብ ብተመሳሳሊ ወጽኢት ናይ 2-00 ዓወት ኣመዝጊበን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ መኸተ ንሰንጥቕ፡ ሽዕላ ንብደሆ፡ በኒፈር ንክንዴ፡ ሓረና ንሰንጥቕ፡ ዓንበርበብ ንሳዋ 2-00 ረቲዐንኦን።

ንመበል 7ይ ግዜኡ ኣብ ዝሰላሰል ዘሎ ወድድራት ባድሚንተን ከኣ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ብገጽል ኣብ ዘተዩድዎ ግጥም፡ ሰንጥቕ ንሳዋ፡ ዓንበርበብ ንንሕሪ 2-00 ረቲዐንኦን። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ፡ መኸተ ንሽዕላ 2-01፡ ሓረና ንክንዴ፡ በኒፈር ድማ ንሰንጥቕ 2-00 ተዓዊተናሉ። ደቂ-ኣንስትዮ ብድርብ ኣብ ዘተዩድኦ ጸወታ፡ ሳዋ ንመኸተ፡ ሽዕላ ንንሕሪ፡ ሓረና ንክንዴ ብተመሳሳሊ ናይ 2-00 ዓወት ተጓናጺፈን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ሰንጥቕ ንንሕሪ፡ ዓንበርበብ ንሳዋ፡ ሓረና ንመኸተ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-00 ሰዒረንኦን።

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ዝመጽእ ዘሎ ሰሙናት'ውን ብዝተፈላለየ ስፖርታዊ ውድድራት ክቕጽል'ዩ።

## ሓድሽ ድራማ ዝተወሰኾ 'ኤል ክላሲኮ'

ኣብ ዓመተ 1931-32 ርያል ማድሪድ፡ ምስ ባርሴሎና 2-02 ብምውጻእ ዘውዲ ሻምፕዮንነት ክትስዕም በቒዓ ነይራ፤ እዚ ድማ፡ ታሪኽ ድሕሪ 94 ዓመት ሎሚ ሰንበት ክድገም ቀሪቡ። ባርሴሎና፡ ሎሚ ምሸት ንማድሪድ እንተ ሰዒራታ ወይ ማዕረ እንተወጺኣ፡ ሻምፕዮን ላሊጋ 2025-26 ምዃና ክተረጋግጽ'ያ። እዚ ደገፍቲ ባርሴሎና ምሕር ዘብዮህዎ ክኸውን እንከሎ፡ ደገፍቲ ማድሪድ ግን፡ ፈጺሞም ዘይደለይዎ'ዩ። ኩሉን ኣዒንቲ ድማ፡ ናብ ካምፕ ኑ (ሜዳ ባርሴሎና) የቋምታ ኣለዋ።

ኤል ክላሲኮ፡ ወትሩ ብሀንጡይ መንፈስ'ዩ ዝሰላሰል። ሎሚ ዓመት ከኣ፡ ካልእ ድራማ ተወሲኽዎ ይርከብ፡ ማድሪድ፣ ቹኣሚን ምስ ቫልቨርደ፡ ኣንቶንዮ ሮዲገር ምስ ኣልቫሮ ካሪራስን ምጣፕ ምስ ደገፍቲ፡ ሹዱሽተ ተጻወትቲ ማድሪድ ምስ ኣሰልጣኒኦም ብምብኣሶም ሕምስምስ ኢሳትሉ ኣብ ዘሎ እዋን ክተዩድ'ዩ።

ኤል ክላሲኮ፡ ተቐያያሪ ታሪኽ'ዩ ሰሪዱ ዘሎ። ሓደ ሓደ እዋን ማድሪድ ትዕብልሎ መድረኽ ይኸውን፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ፡ ባርሳ ትደምቐሉ ጸወታ ይኸውን።

ባርሴሎና፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ላሊጋ ዛጊት ካብ ዘተዩደቶ 34 ጸወታ፡ ኣብ 29 ጸወታ ተዓዊታ። ኣብ ሓንቲ ማዕረ ብምውጻእ፡ ኣብ ኣርባዕተ ብምስዓር 88 ነጥቢ ብምእካብ ንላሊጋ መሪሓቶ ትርከብ። ባርሴሎና፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥሪ፡ ንማድሪድ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ 'ስፓኒሽ ሱፐር ካፕ' 3-02 ረቲዓታ ነይራ'ያ። ይኹን እምበር ኣብቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ዝተኻየደ ናይ ላሊጋ ጸወታ ርያል ማድሪድ፡ 2-01 ተዓዊታ ነይራ።

ባርሴሎና፡ ካብ ዘተዩደኦ ዳሕረዎት 6 ግጥማት ኣብ 5 ብዓወት ወጺኦቶ። ማድሪድ ድማ፡ ነቲ



ኣብ ሚያዝያ 2023 ኣብ ካምፕ ኑ 4-00 ዝተዓወተትሉ ግጥም ሓዊስኩ፡ ካብ ዳሕረዎት 10 ግጥማት ኣብ 5 ተዓዊታ'ያ።

ባርሴሎና፡ ነዚ ግጥም ተተዓዊታትሉ፡ ምቁር ጽዋእ ላሊጋ ክተስተማቕር ክትበቕዕ'ያ። ማድሪድ እንተ ተዓዊታ ድማ፡ ሰለስተ ጸወታ ኣብ ዝተርፎ መድረኽ፡ ፍልልየን ናብ 8 ክተውርዶ'ያ።

ኣሰልጣኒ ማድሪድ፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ጋንታኡ ዝተፈጥረ ዕግርግር ምምሕዳር ተሸጊሩ'ሎ። ወሽጢ ቤቱ ተሓሚሱ ኣብ ዘለወሉ ግዜ ኸኣ፡ ደገፍቱ ንባርሳ ምቁር ዓወት ንኸይተስተማቕር ክዕንቅጻ ረዚን ሓላፍነት ኣሰኪሞሞ ይርከብ።

ባርሴሎና፡ ሎሚ ምሸት ካብ ኮኾብ ተጻዋታይ ላሚን ያማል ኣገልግሎት ኣይክትረክበን'ያ። ያማል፡ ካብዚ ናይዚ ወቕቲ ጸወታ ወጺኡ'ዩ። እንተኾነ፡ ኣንድሬ ክሪስተንሰን ድሕሪ ነዊሕ ብኮረት ከምኡ'ውን ራፊንያ ናብ ጸወታ ይምለሱ ኣለው። በዚ ኸኣ ባርሳ ጽንዕቲ ኮይና'ላ።

ቫልቨርደ፡ ብሰንኪ ምስ ቹኣሚኒ ምብኣሱ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ኣብዚ ጸወታ ዘይህሉ ተጻዋታይ ማድሪድ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ሓሙሽተ ካብ ተጻወትታ ብሰንኪ ኢጋጠምምም ዘሎ ማህረምቲ ኣብዚ ግጥም ዘይህልው'ዮም። እንተ ምጣፕን ኩርትዋን ግን ብቑዓት ኣለው።

'ኦፕታ' ንባርሴሎና 49.8% ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ሂባታ ኣላ። 'ስፖርት ሞል' ድማ፡ 2-02 ክዛዘም ገሚታ። ክልተኡ ግምት ድማ፡ ንባርሳ ዘርብሓ'ዩ፡ ኣንባቢቲ'ኸ እንታይ ትግምቱ፧

## ቸልሲ፡ ድሕሪ 6 ተኸታታሊ ስዕረት ነጥቢ ተማቒላ


ቸልሲ፡ ኣብ መበል 35 ደቒቕ ካብ ኢንዞ ፈርናንደዝ ሹቶ ብምርካብ፡ ንዝጋጠማ ሹዱሽተ ተኸታታሊ ስዕረት ትማሊ ኣብ ኣንፊልድ መኸተምታ ገይራትሉ።

ኣብቲ ትማሊ ንሊቨርፑልን ቸልሲን ዘራኸበ ግጥም፡ እታ ንቅድሚት 15 ደቒቕ ዓብላሊ ዝጀመረት ሊቨርፑል፡ ኣብ መበል 6ይ ደቒቕ ካብ ግራቨንበርች ብልጽትን ቅልጥፍትን ሹቶ ብምርካብ መሪሕነት ሒዛ። ድሕሪ ዝተበራበረት ቸልሲ፡ ኣብ መበል 35 ተመዓራርያ። ጸወታ ድማ፡ 1-01 ተዛዚሙ።

በዚ ወጽኢት ከኣ፡ ሊቨርፑል ነታ ድሕሪኣ ጸወታኣ ዘተዩደት ቦርንማውዝ ብ6 ነጥቢ በሊጻ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ፡ ቸልሲ ግን ታሽዓይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ።

ጸወታ ምስ ተዓጸወ ብዘቕዓት ጋንታኦም ፈጺሞም ዘይተሓጎሱ ደገፍቲ ሊቨርፑል፡ ኣብ ልዕሊ ጋንታኦምን ሰታፍ ምስልጣናምን ተቓውሞ ከሰምዑ ተራእዮም። ብፍላይ ጋንታኦም ሹቶ እናደለየት ኩዕሶ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ዘርኢ ዝበረን ቀረብ ንሹቶ ዘተዩደን እንግቶኣ ምስ ወጽኡ ንስሉት ዝበርትዐ ተቓውሞ ደገፍቱ ኣጋጢምዎ።

ሊቨርፑል፡ በዚ ናይ ትማሊ ወጽኢት ተሳትፎኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ እናጸበቡ




ክትከይድ እንከሎ፡ ቸልሲ ግን ምንቅቓሕ ረኺባ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኖቲንግሃም - ኒውካስል 4:00 ድ.ቀ

ፓላስ - ኤቨርተን 4:00 ድ.ቀ

በርንሊይ - ኣስቶን ቪላ 4:00 ድ.ቀ

ዌስት ሃም - ኣርሰናል 6:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ባርሴሎና - ርያል ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ

**ተረኛ ፋርማሲ**
ፋርማሲ ቅሳነት
ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን
ፋርማሲ ፍረ-ኣወሊዕ

**ዕለት**
10/05/2026
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

**ጎደና**
ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከቢ. ማይ ኣዋሽውል
ጎደና ሃገር ቁ.20 ፡ ፊት መስገድ ግዛ ጥንዳ ጥሊን
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ
ቁ.ቴሌፎን 127565

**ቁ.ስልኪ**
110911
119802
163485

Sabur Printing Services